Tigrinya

LANDKREIS HEILBRONN

**ሓበሬታ ኮረናቫይረስ፥**

**ጽቡቕ ኣይስምዓንን ኣሎ። ሕጂ እንታይ ይገብር፧**

1. እንተድኣ ከምረስኒ፡ ሰዓል ወይ ሕጽረት ምስትንፋስ ዝኣመሰሉ ምልክታት ሕማም ኣልዩ ምኽም፡ ብኽብረትኩም ናብ ናይ ስድራቤትኩም ዶክተር ደወሉ።

   እቲ ዶክተር ናይ ኮረናቫይረስ መርመራ ዘድልየኩም እንተኾይኑ ክውስን ይኽእል፡ እንተድኣ ዘድልየኩም ኮይኑ፡ እቲ ዶክተር ናብ መርመራ ከመሓላልፈኩም ይኽእል።

2. ካብ ናይ ቤት-ጽሕፈት ስራሕ ሰዓታት ወጻኢ፡ ናብቲ ኣገልግሎት ህጹጽ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ብቑጽሪ ተሌፎን 116 117 ክትድውሉ ትኽእሉ።

3. ነቶም ካብ ዶክተራትኩም ዝወሃብኹም መምርሒታት ተኸተልዎም።

   ኣገዳሲ፥

   - ከየፍለጥኩምን ከይተሓተትኩምን ናብ ናይቲ ዶክተር ቤት-ጽሕፈት ኣይትኺዱ።
   - ክሳብ ተወሳኺ መብርሂ ዝወሃበኩም ኣብ ገዛኹም ወይ ክፍልኹም ጽንሑ።
     ምስ ካልእ ሰባት ዘለኩም ርክብ ናብ ዝተሓተ ኣወርድዎ።
   - ነቶም ናይ ጽሬት ሕግታት ስዓብዎም።

4. እንተድኣ ኣብ ናይ ሓባር መንበሪ ገዛ ትነብሩ ኾይንኩም፡ ነቲ ዝምልከቶ ሰራሕተኛ ናይቲ ኮማዊ ኣገልግሎት ብኡንብኡ ሓብሩ።

5. ኣብ ገዛ ናብ ወሸባ ክትኣትዉ ኣለኩም፥

   - እንተድኣ ኣዚኹም ሓሚምኩም ከምኡ ድማ ምናልባት ብኮረናቫይረስ ተለኺፍኩም እንተሊኹም፡ ወይ
   - እንተድኣ ድሮ ኮረናቫይረስ ከምዘለኩም ብመርመራ ተለሊኹም ኮይንኩም፡ ወይ
   - እንተድኣ ምስ ዝተለኸፈ ሰብ ወልቃዊ ምትንኻፍ/ርክብ ነይርኩም።

   ኣብ ከምዚ ኩነታት፡ ብኽብረትኩም ነቲ ሓፈሻዊ ኣዋጅ ናይቲ Landratsamtes Heilbronn (ቤት-ጽሕፈት ዲስትሪክት/ወረዳ ሀይልብሮን) ብዛዕባ ዘቤታዊ ወሸባ ብጥንቃቐ ኣንብብዎ። ነቶም ትእዛዛት፡ ጠለባትን መምርሒታትን ክትስዕብዎም ኣለኩም። ነቲ ሓፈሻዊ ኣዋጅ ኣብቲ ቀዳማይ ገጽ መርበብ ኢንተርነት ናይቲ ቤት-ጽሕፈት ዲስትሪክት/ወረዳ ኣብዚ ዝስዕብ ክትረኽብዎ ትኽእሉ [www.landkreis-heilbronn.de/informationen-zum-coronavirus.44148.htm](http://www.landkreis-heilbronn.de/informationen-zum-coronavirus.44148.htm)።

6. እንተድኣ ብዛዕባ እቲ ኮረናቫይረስ ዝኾኑ ሕቶታት ኣለውኹም ኮይኖም፡ ነቲ ህጹጽ መስመር ተሌፎን ናይቶም ክሊኒካት SLK፡ ናይቲ ምምሕዳር ከተማ ከምኡ ድማ ናይቲ ዲስትሪክት/ወረዳ Heilbronn ክትረኽብዎም ትኽእሉ። እቲ ህጹጽ መስመር ተሌፎን መዓልታዊ ካብ ሰዓት 8 ቅ.ቀ ክሳብ ሰዓት 8 ድ.ቀ ብቑጽሪ ተሌፎን 07131 4933333 ክርከብ ይኽእል።